## 1. ካብ`ቶም ዘለዓዕሉልካ ጠንቅታት ምርሓቕ

| ኣዝማ ዘለዓዕሉ 🚫 | | እንታይ ክትገብር ትኽእል? |
|---|---|---|
|  | ትኪ ትንባኾ | ኣይተትክኽ። ሰባት ኣብ ማኪናኻ ኰነ ኣብ ገዛኻ ኰይኖም ከትክኹ ኣይተፍቅድ። |
|  | ሰዓልን ኢንፍሉዌንዛን | ኢድካ ኣዘውቲርካ ተሓጸብ። ናይ መጀመርታ ምልክታት ሰዓል ወይ ኢንፍሉዌንዛ ምስዝረኣየካ፡ ብናይ ትግባረ ውጥንካ ተቐየድ። |
|  | በለላ እንስሳታት ዘቤት | ጸጕሪን ክንቲትን ዘለዎም እንስሳታት ዘቤት ኣወግድ። ንዘለዉኻ እንስሳታት ዘቤት ኣብ ስሩዕ እዋን ሕጸቦም። |
|  | ጽገ ኣትክልቲ | ኣትክልቲ ጽገ ኣብ ዘዳሩኑሉ ወቕቲ መስኮት ገዛኻ ዕጾ (ጽድያ ከምኡ`ውን ቀውዒ)። ኣብ ማኪናኻን ኣብ ገዛኻን መሀደሲት ኣየር (ኤየር ኮንዲሽነር) ወልዕ። ካብ ሓድሽ እተዓጽደ ሳዕሪ ርሓቕ። |
|  | ዕሲ | ካብ ዝበስበሱ ኣቕጽልቲ፡ ጓሓፍ ጀርዲን፡ ከምኡ`ውን ቅምሱላት ሳዕርታት ናይ ጽድያን ቀውዕን ርሓቕ። መጠል ጠሊ ኣየር ኣብ ገዛኻ ትሕቲ 50% ከምዝኸውን ግበር። ዓይኒ ምድርን ትሕተ-ባይታዊ ክፍልን ናይ ገዛኻ ጠሊ ከምዘይህልዎ ግበር። |
|  | ደሮና ቍንጪ | ንመንጸፋር ዓራትካ ብውዑይ ማይ ሕጸቦም። ብቐጻሊ ናይ ባዶሽ (ቫክዩም) መጽረዪ ተጠቒምካ ንገፍ። ባላዕተኛ ዘየሕልፉ ሽፋናት መተርኣስን ፍርናሽን ተጠቐም። |
|  | ብርቱዓት ጨናታት | ብዝተኻእለካ መጠን ካብ ትኪን ከሚካላትን ርሓቕ። |
|  | ኵነታት ኣየር | ምልውዋጥ ኵነታት ኣየር ኣዝማ ከለዓዕል ይኽእል እዩ። ኣዝማ ከለዓዕለልካ ዝኽእል ኵነታት ኣየር ኣብ ዝኸሰተሉ እዋን፡ ኣብ ውሽጢ ገዛ ጽናሕ። |
|  | ብከላ ኣየር | ንጽህና ኣየር ዘይቅዱ ኰይኑ ኣዝማ ከየለዓዕለልካ ምስእትጠራጠር፡ ኣብ ውሽጢ ገዛ ጽናሕ። ካብ ትኪ መጋርያ ርሓቕ። |
|  | ስምዒታት | ጸቕጢ ኣእምሮ ካብ ዘስዕበልካ ኵነት ክትርሕቕ ፈትን። ከመይ ጌርካ ንጸቕጢ ኣእምሮ ከምእትስዕሮ ተማሃር። |
| ንጥፈት ✓ | | |
|   | | ጽቡቕ ኵነታት ጥዕና ንኽትውንን ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዘውትር። ኣድላዪ እንተ'ኰይኑ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ እትገብረሉ፡ ካብ 10 ክሳብ 15 ደቓይቕ ኣቐዲምካ መዐገሲ ኣዝማ ተጠቐም። |